

# Fatima

ፋጥማን ሰብኣያን ምስ ንእሽቶ ጓሎም ብሓንሳብ ቅድሚ 2-ዓመት ኣቢሎም ካብ ሶርያ ናብ ኔዘርላንድ መጽዮም።
እዚ ኸኣ ብመገዲ መስርሕ ምጥርናፍ ስድራቤት ምስ ዓባይ ጓሎም ሳራ ጓል 16-ዓመት፣ዳርጋ ኣብዚ ኔዘርላንድ 2 ዓመት ዝገበረት እያ።

ፋጥማ ቅድሚ ናብ ኔዘርላንድ ምምጻኣ ምስ ጓላ ጽቡቕ ዝምድና ነበረን። ቀጻሊ ብቴሌፎን ይራኸባ ኔረን፣ ሳራ ጓላ ብዛዕባ ናይ ኔዘርላንድ ህይወታ እንታይ ይመስል፣ ብዛዕባ እቶም ከም ስድራኣ ዝናብይዋ ሶርያውያን ስድራቤት፣ ብዛዕባ ትፈልጦም ስድራቤት፣ ከምኡ'ውን ንስድራቤታ ብጣዕሚ ከምዝናፈቀቶም ነዲኣ ቀጻሊ ተዕልላ ነበረት።

ሳራ ንህይወት ኔዘርላንድ ተወሃሂዳቶ እያ። ንሳ ናብ ቤት/ት ትኸይድ፣ መሓዙት መስሪታ፣ ሰሙናዊ ናይ ጁባ ገንዘብ ትቕበል፣ ነቲ ገንዘብ ኣብ ምንታይ መዓላ ተውዕሎ ኸኣ ባዕላ ተመሓድሮ። ሳራ ንጥፍትን ክቱር ድሌት ናይ ዓወት ዘለዋ ጓል ኮይና ኣብ ዓምዲ ፋይናንሳዊ ምሕደራ ትምህርታ ትከታተል ዘላ እያ። ኣብ'ዚ ግዜ እዚ ኸኣ ማዕረ ማዕረ እቲ ትምህርታ ናይ ስራሕ ተመኩሮ ንኽትረክብ ኣብ ሰሙን 2-ጊዜ ኣብ ኡትረኽት ኣብ ሓደ ድኳን መሸጣ ክዳውንቲ ትሰርሕ ኣላ፣ ብጣዕሚ ድማ ፈትያቶ። ካልኦት 2-ደቂ ክላሳ'ውን ምስኣ ናይ ስራሕ ኣገልግሎት ስለዝፍጽሙ ዘለው፣ ሓንሳብ ሓንሳብ ኣምስያ ሰዓት 10:00 ገዛ ትኣቱ። ሳራ ጾታዊ ዝምድና'ውን መስሪታ እያ። እዚ ተዓራሪኻቶ ዘላ ወዲ ድማ ወዲ ቱርኪ እዩ። እታ ከም ወላዲት ተዕብያ'ውን ኩሉ ትፈልጥ'ያ፣ ንሳራ'ውን ሙሉእ ናጽነት ሃቢታ።



ፋጥማን ሰብኣያን ናብ ኔዘርላንድ ምስ መጹ ድማ እቲ ናይ ኒዶስ ኣላይን ሓብሓብን ብቐጥታ ናብ ጉዳይ ስድራ እዩ ኣድሂቡ። ሽዑ ስድራኣ ንሳራ ናብ ኣብ ኣሰን ኣብ ዝርከብ መዕቆቢ ስደተኛታት እዮም ከይዶም። እቲ ምኽንያት ድማ፣ መንበሪ ገዛ ስለዘይነበረ እዩ። እዚ ማለት ሳራ`ውን ናብ መዕቆቢ ስደተኛታት ክትግዕዝ ኣለዋ። ሳራ ምስ ስድራኣ ምንባር ኣብ ዝጀመረትሉ ድማ ወጥሪ ተላዕለ። ፋጥማን ሰብኣያን ብቀጻሊ ንሳራ እንታይ ትገብር ከምዘላ ሕቶ ኣቕረቡላ። ንምንታይ ኣምስያ ገዛ ትኣቱ? ንምንታይ ትሰርሕ? ንምንታይ ናይ ጁባ ገንዘብ ትቕበል? ዝኾነ ነገር እንተደልያ ንምንታይ ምስ ስድራኣ ዘይትመያየጥ?።

> ንምንታይ ኣምስያ ገዛ ትኣቱ? ንምንታይ ትሰርሕ? ንምንታይ ናይ ጁባ ገንዘብ ትቕበል? ዝኾነ ነገር እንተደልያ ንምንታይ ምስ ስድራኣ ዘይትመያየጥ?።

ብተወሳኺ ኣብ ሶርያ፣ ሰብኣይ ዶ ኣይኮነን ሓላፍነት ናይ ስድራ ዘለዎ? እምበር ትሕቲ ዕድመ ጓል ኣይኮነትን። ብፍላይ ድማ እቲ ዝዓበየ ጸገም፣ ሳራ ዓርኪ ምሓዛ እዩ። ፋጥማ ነቲ ርክብ ከምዝኣገደቶ ኣፍሊጣ። ንሳ ጓላ ገና ንእሽተይ ከምዘላን እቲ ወዲ ኸኣ ንጓላ ዝበቅዕ ኮይኑ ኣይረኸበቶን።

ሳራ ንስድራኣ ስታጅ (ሞያዊ ስራሕ) ከም ግዴታ ኮይኑ ኣካል ናይቲ ትመሃሮ ዘላ ዓውዲ ምዃኑን ከምኡ`ውን ንዓኣ ንምዕባለን ተሞክሮን ተራ ከምዝጻወት ክትገልጸሎም ፈተነት። ብዙሓት ሰባት ፈሊጣ፣ ንኣብነት ዓማዊልን ኣቕረብትን። ስለ`ዚ ኣብ ኢንዱስትሪ ናይ ክዳውንቲ ብቐሊሉ ዝምድና ከተማዕብል ትኽእል እያ። ብተወሳኺ በቲ ዝወሃባ ናይ ጁባ ገንዘብ ዕግብቲ እያ፣ ከምኡ`ውን እቲ ወዲ (ዓርካ) ብጣዕሚ እዩ ዘሐጉሳ። ሳራ ንገዛእ ነብሳ ባዕላ ተሓታቲት ምኳና እያ ተመልክት። ንሳ ብዛዕባ ሂወታ ባዕላ ክትውስን እያ ትደሊ። እቶም ከም ወለዲ ኮይኖም ዝናብይዋ ዝነበሩ ስድራ ጽቡቕ ይርድእዋ ከምዝነበሩ ተረደአት። እቲ ግጭት ምስ ስድራኣ ቀጻሊ እዩ ዘሎ፣ ነቲ ሕጎም ፈጺማ ኣይተቐበለቶን። ባዕላ ክትውስን እያ ትደሊ። እቲ ወጥሪ ኮምኡ እንዳበለ ቀጸለ፣ ብድሕሪኡ ኣቦኣ ሃረማ። ሳራ ፍርቂ ለይቲ ናብ ኮዋ ደወለት፣ ንሶም ድማ ቀጥታ ናብ ፖሊስን ትካል ውሕስነት ገዛን ኣላርም ገበሩሎም፣ ብህጹጽ ድማ ስጉምቲ ክውሰድ እዩ። ብመሰረት ሳራ ዝበለቶ ድማ፣ ትካል ውሕስነት ገዛ ን ጠበቃ ምክልኻል ቆልዑ ቦርድ ግዝያዊ ዝኾነ ምክትታልን ካብ ገዛ ናይ ምውጻእ ንኽገብሩ ተወከስዎም። ከም ግብረ መልሲ፣ ሳራ ብቁልጡፍ ካብ ገዛ ናብቲ ናይ ግዝያዊ መዕቆቢ ቦታ ክትውሰድ ተገብረ።

ብመሰረት ሕቶ ጠበቓ ቦርድ ምክልኻል ቆልዑ ኸኣ፣ ቤት ፍርዲ ንሳራ ናብ ከም ወለዲ ዝናብዩ ስድራ ተመሊሳ ኣብ ትሕቲ ኒዶስ ምክትታል ክግበረላ ኣዳለወ። እቲ ንሳራ ትሕቲ ዕድመ ከላ ሓብሓቢኣን ዝከላኸለላን ዝነበረ ኣባል ኒዶስ ኣዩ  ከምብሓድሽ ኣላይን ሓብሓብን ስድራ ኮይኑ ዘሎ። ንሱ ን ሳራ ከም ብሓድሽ ናብ ትሕቲ ዕድመ ዝናብዩ ስድራ ሰደዳ። ፋጥማን ሰብኣያን ግን ብዛዕባ`ዚ ዝግበር ዘሎ ኹሉ ፈጺሙ ኣይተረደኦምን። ዋላ ሓደ ዓቕሚ ከምዘይብሎም ተሰመዖም። ጉሎም ካብኦም ተወስደት። ጓሎም ሳራ ብዘይፍቓዶምን ኣፍልጦ ከይሃበትሉን ዓርኪ ብምሓዛ፣ ክብሪ ዘይብሎም ከም ሕሱራት ኮኑ፣ እዚ ኸምዚ ኣብ ዓዶም ፈጺሙ ኣይምተገብረን።



ሳራ ናብ ሓንቲ ዓባይ በይና ትነብር ዒራቃዊት ሰበይቲ  ገዓዘት ። እታ ሰበይቲ ፈቃር እያ፣ይኹን ደኣ'ምበር ኣብ ሞንጎ ሳራን እታ ሰበይትን ግን ከምቲ ዝድለ ርክብ የለን። እታ ሰበይቲ ንሳራ ትሓታ ሕቶታት የለን፣ ሳራ'ውን ትነግራ ብዙሕ ነገር ኣይነበረን። እታ ሰበይቲ ዝበዝሕ ግዜ በይና ኣብ መደቀሲኣ እያ ኮፍ ትብል። እቲ ሓብሓብን ተኸላኻልን ትሕቲ ዕድመ ቆልዑ ብዛዕባ ኣተዓባብያ ቆልዓ ኣብ ኔዘርላንድ ምስ ፋጥማን ሰብኣያን ዝርርብ ኣካየደ። ማህረምቲ ይኹን ዝኾነ ዘቤታዊ ጎነጽ ፍቑድ ከምዘይኮነ ድማ ገለጸሎም'። ድሕሪ'ዚ ስምምዕ ምግባሮም ከኣ፣ እቲ ሓብሓብን ተኸላኻልን ቖልዑ ሳራ ናብ ስድራኣ ክትምለስ ወሰነ። ስድራቤታ ድማ ኣብ ኔዘርላንድ ኩሉ ከመይ ይግበር ብኒዶስ እኹል ሓበሬታ ኣቐዲሞም ከምዘይረኸቡ ገሊጾም። ኒዶስ ንሳራ ቆልዑ ኩሉ ነገር ባዕሎም ክውስኑ ከምዘይፍቀደሎም እንተዝገልጹላ ኔሮም፣ እዚ ኹሉ ኣይምመጸን ይብሉ።
ሳራ ኣብ ሶርያ'ውን ሙሉእ ናጽነት ከምዝነበራ፣ ኣብ ርእሳ ጉልባብ ዝበሃል ዘይትገብር፣ ምስ መሓዙታ ናብ ደገ ትወጽእን ከምዝነበረት ኣቦኣ ይዛረብ። ንሱ ማለት ኣቦኣ እቲ ሽዑ ኣብዚ ኔዘርላንድ ኣብ ዝመጸትሉ ምስ ሰብ ክትላለን ቋንቋ ክትመሃርን የተባብዓ ነበረ'። ክልቲኦም ወለዲ በዚ ናይ ጓሎም ናይ ባህሪ ምቅይያር ኣዝዮም ከምዝሰንበዱ ይገልጹ፣ ከምኡ'ውን እቲ ኣባና ዘለዋ ኣረኣእያን ኣተኣናግዳኣን ። ብተወሳኺ እቲ ሕጊ ናይ ኔዘርላንድ ክለምድዎን ክወሃሃድዎን ኣለዎም። ማዕረ ክንዲዚ ኣይተጸበይዎን ኔሮም። ወለዲ በቲ ናቶም ኣረኣእያ ኣጽኒዖምን ናብ ኔዘርላንድ ክመጹ ከኣ ክልቲኦም ንነብሶም እኹል ምድላዋት ከምዝገበሩን እዮም ዝኣምኑ ኔሮም። እዞም ወለዲ ንሳራ ወለዳ ብምኳኖም ከተኸብሮምን ሳራ ድማ ብዝቐልጠፈ ናብኦም ተመሊሳ ክሪኡን ኣዝዮም ይደልዩን ይምነዩን።

እቲ ሓብሓብን ተኸላኻልን ትሕቲ ዕድመ ቆልዑ ብዛዕባ ኣተዓባብያ ቆልዓ ኣብ ኔዘርላንድ ምስ ፋጥማን ሰብኣያን ዝርርብ ኣካየደ።

ድሕሪ 6-ወርሒ ድማ ሳራ ናብ ስድራቤታ (ወለዳ) ተመልሰት። ፋጥማን ሰብኣያን ኣብዚ ዝሓለፈ ግዜ ብዛዕባ ሳራ ዝሰምዕዎ ዋላ ሓደ ነገር ኣይነበረን።
ኣብ ሞንጎ እቶም ስድራኣ ገዛ ረኺቦም ናብ ኽሮኒንገን ይኸዱ፣ ሕጂ'ውን ብሓደ ጊዜ ነገር ናብ ቀደሙ ይምለስ። ሳራ ኣይተቀየረትን፣ ስድራኣ'ውን ኣይተቀየሩን። ስድራኣ ዶብ ሓንጸጹ፣ ሳራ ግን ባዕላ ክትውስን ደለየት። እታ ተኸላኻሊትን ሓብሓቢትን ቆልዑ ምስ ሳራ ተሰማመዐት። ስታጀ (ሞያዊ ስራሕ)'ን ድሕሪኡ ገዛ ምምጻእን ጸገም ዘለዎ ኮይኑ ኣይረኸበቶን። ድሕሪ 3-ወርሒ ሳራ ናብታ ዒራቃዊት ኣደ ተመልሰት። ኣብዚ ግዜ ድማ እቲ ተኸላኻልን ሓብሓብን ቆልዑ ሶርያ ድሕረ ባይታ ዘለዎ ክኢላ ባህላዊ መንጎኛ መደበ።

እቲ ክኢላ ባህላዊ መንጎኛ ነቲ ከም ውሕስነት ዝተወሰደ "ካብ ገዛ ምውጻእ" ኣብ ፋጥማን ሰብኣያን ከምኡ'ውን ኣብ ምንኣስ ሓፍታ ጽልዋ ከምዘለዎ ተረደአ። እቲ ኣብ ሓገዝ ምርካብ ክህልዎ ዝግበኦ ምትእምማን ይጠፍእ። ስድራኣ ክሓትዋ ፍጹም ኣይደፈሩን፣ምሰኣ'ውን ኣብዝኾነ ጣልቃ ክኣትው ኣይደለዩን። እታ ንእሽተይ ጓሎም ከም ዓባይ ሓፍታ ናብ ፖሊስ ክይትድውል ብጣዕሚ ስግኣት ኣለዎም። ብዛዕብ'ኡ ቀጻሊ'ውን እያ ተፈራረሆም ።

ኣብ ጉዳይ ሳራ ከምዝተዓዘብዎ ኸኣ ንሳ'ውን (ንእሽተይ ጓሎም) ኩሉ ክትገብር ከምትኽእል እቲ ዝነበራ ስምዒት ተዓዚቦም እዮም።
እቶም ባህላውያን መንጎኛታት መታን ኣብ ፋጥማን ሰብኣያን እምነት ክምስርቱ ዝከኣሎም ነገር ክገብሩ ስለዝነበሮም : ድሕሪ ገለ ፈተነታት ድማ ዝርርብ ክካይዱ ተሰማምዑ። እዚ ድማ ሓደ ካብቶም ባህላውያን መንጎኛታት ልክዕ ከም ፋጡማን ሰብኣያን መበቆሉ ኩርዳዊ ብምኳኑን ፋጡማ`ውን ጽቡቕ ክትርደኦ ስለዝኸኣለት ዝግለጽ ሓቂ እዩ።



ፋጡማን እቶም ክኢላ ባህላውያን መንጎኛታት ብዛዕባ ዓርኪ ሳራ ተዘራረቡ።
እቶም ባህላውያን መንጎኛታት ሳራ ቀልጢፉ ክትቅየር ከምዘይትኽእልን ግዜ ከምዘድልያን ንፋጥማ ገለጹላ። እቲ ንሳራ ድማ ናይ ወለዲ ስልጣን/ሓላፍነት እንታይ ምኳኑን ወለዳ ድማ ናታ ጽቡቕ ነገር ከምዝደልዩ። እቲ ምኽንያት መሕተቲኦም ብቀጻሊ ድማ ስለዝሻቀሉ እዩ።



ቀጺላ እታ ባህላዊት መንጎኛ ካብ በዓልቤታ ዝመጸ ውልቃዊ መልእኽቲ ብዛዕባ ሰዓት ክንደይ ገዛ ከምትኣቱ ዝሓተታ ሕቶ ዝምልከት ኣርኣየቶም። ነዚ ድማ ብክልተ መገዲ ማለት ብኣወንታውን ኣሉታውን መገዲ ክንትርጉሞ ከምንኽእል ንምርኣይ እዩ ኔሩ። እታ ባህላዊት መንጎኛ፣ ስድራኣ ንፋጥማ እቲ ኣብ ሞንጎ ዝነበረ ዶብ ከምዘንስሓቡ ሳራ ክትግንዘቦ ከምዘለዋ፣ ሳራ ብዛዕባ`ዚ ንስድራኣ ዋላ ሓንቲ ምንጋር ከምዘየድልያ ከተረደኣ ፈተነት።

እቲ ተኸላኻልን ሓብሓብን ቆልዑ፣ ሳራ ምስ ሓንቲ መዕቆቢት ኣደ ብዙሕ ርክብ ምስዘይብላ ክትነብር ብጣዕሚ ዘሻቕል እዩ። ሕጂ ግን ምስ ስድራኣ ክትነብር ናብ መዕቆቢ ክትምለስ ከምዘይደሊ ብዘርኢ መገዲ ብምውልዋል ተዛረበ። ሳራ እቲ ኩሉ ካብን ናብን ከልበትበትውን ኣድኪምዋ እዩ። ንሳ ሕጊ ናይ ስድራኣን ጣልቃ ምእታውን በዲሃ ምስኡ ክትነብር ቅርብቲ ምኳና ተዛሪባ። ፋጥማ ጓላ ክትምለሳ ከምትደልን ንክልተ ዓመት ምስ ስድራኣ ክትነብር ዕድል ክወሃባ ነቲ ተኸላኻልን ሓብሓብን ቆልዑ ለመነቶ። ብኽምዚ መገዲ ድማ ኣብ ሞንጎ እቲ ስድራ ምቅርራብን ምልምማድን፣ ንፍሲ ወከፎም ከመይ ክኽዱን ክወሃሃዱን፣ ሓድሽ ቦታ ክለምድዎን ክወሃሃድዎን ነንባዕሎም ክመሃሩን፣ ጸገምካ ባዕልኻ ብሰላማዊ መገዲ ስድራ ፋሕ ከየበልካ ምፍታሕ ይኽእሉ እዮም።
ነቲ ዝነበረ ሽግር ከምዘጋደድዎ እያ ትገልጽ።
ፋጥማ ነቲ ናይ ጓላ ማዕረ ክንድዚ ምቅያርን ካልህ ባህሪ ምልባስን ንዝብል ብርግጽ ኣይተዳለወትሉን ኔራ። እቲ ኣቀራርባ ምስ ጓላ ሳዕቤኑ ማዕረ ክንድዚ ዓቢ ምኳኑን ንጓላ ከምዘጥፈኣላን እንተትፈልጥ ብኻልእ መገዲ ክትፈትሖ ምደለየት።

ንሳ ትብል ሳራ ብርግጽ ነቲ ሓድሽ ቦታ ክትወሃሃዶ ኣለዋ፣ ስለዝኾነ ኸኣ ኣብዚ ካባኦም ዝተፈልየትሉ ግዜ ኣዝያ ምዕባለታትን ለውጥን ኣምፂኣ። ሕጂ ኸኣ ጋልና ጥራይ ንዓና ክትወሃሃደና ክንጽበ ከምዘይብልና፣ እንታይ ደኣ ንሕና'ውን ንዓዓ ክንወሃሃዳ ከምዘለና እየ ፈሊጠ። ክንተዓጻጸፍ ኣሎና። ሕጂ ሳራ'ውን  ኣቲ ፍልልይ ኣተዓባብያ ኣብ ክሊቲኡ ባህሊ ከምዘሎ ተረዲኣን ኣፍልጦ ጌራ ኣላ።

> ሕጂ ሳራ'ውን  ኣቲ ፍልልይ ኣተዓባብያ ኣብ ክሊቲኡ ባህሊ ከምዘሎ ተረዲኣን ኣፍልጦ ጌራ ኣላ።



ፋጥማ ካልእ ተወሳኺ ዝተሞኮረቶ፣ እቲ ኩሉ ናይ ክኢላታት ምትእትታው ኣብ ስድራ ኣሉታዊ ጽልዋ ከምዘምጻአ ገሊጻ። እታ ሓንቲ ጓሎም`ውን ከምዝተጻልወትን፣ ንሱ ድማ ፋጥማን ሰብኣያን ፈጺሞም ዘይደልይዎን እዩ። እቲ ሃንደበታዊ ካብ ገዛ ምውጻእ (ምፍንቃል) ነቲ ስድራ ብጣዕሚ ከቢድን ኣሰቃቕን እዩ ኔሩ። እቲ ስድራቤት ኣብዚ ነዊሕ ኣይገበረን፣ፋጥማ ሕጅ'ውን ተስፋ ትገብር ምስ ጓላ ዝምድና ክትምስርት ከምትኽእል።

> ፋጥማ ተስፋ ትገብር ሕጅ'ውን ምስ ጓላ ዝምድና ክትምስርት ከምትኽእል። ሳራ'ውን ከምዘድልያ ተረዲኣ ኣላ፣ ፋጥማ'ውን ንባዕላ

ፋጥማ እንታይ እዩ ዘድልያ ኔሩ?
ገለ ክፋል ካብዚ ዛንታ ዶ ኣለሊኻዮ/ፈሊጥካዮ ኣለኻ?
ብዛዕባ ባህላዊ ፍልልይ፣ ብዛዕባ ሓገዝ ምርካብ ኣብ ኔዘርላንድ ከማኡ'ውን ኣብ ውሳኔ ምውሳድ ዘለካ ቅኑዕ መርገጺ ሓበሬታ ኣንተደሊኻ ንዝያዳ ሓበሬታ ኣብዚ ዝስዕብ ጥብቆ ተወከስ
**nidos.procademy.nl/ouders**

እዚ ብዓውዲ ፕሮጀክት ሳመን ስተርክ (ብሓብር ምሕያል) ዝተሰምየ ፕሮጀክት ዝተዳለወ ኮይኑ፣ ሓባራዊ ስራሕ ናይ ፕሮጀክት ኒዶስን ኣርክ ሴንትረም 45 እዩ።
ብኤሮጳዊ ሕብረት ዝተመወለ